**ሜስ ንዘይፈልጦ የጥርጦ፡**

ሜስ ንዘይፈልጦ የጥርጦ ከምዝተባህለ፡
ባህርያት ወያነ ዝገልጽ ሓቀኛ ምሳለ፡
ብጽጋብ ሽንዲሑ ከም ኣድጊ ዘህለለ፡
ኢትዮጵያ ምግዛእ ይትረፋ ኣይከኣለትን መቐለ።

ምውላዕ እንበር ምጥፍኡ ዘይትፈልጥ ጁንታ፡
ኣስሓይታ ዝሕለፍ ዝመስላ ተኸዲንካ ኮበርታ፡
ብሰላም ምንባር ተሓሲማ ምስ ንጎረባብታ፡
ኲናት ትውልዕ ብናይ ገንዘብ ምጽወታ።

ጁንታ ሰነፍ ምዕራባውያን ክኾኑዋ ዋልታ፡
ሽማግለ ህጻን ንኲናት ኣኽቲታ፡
ንሳ ብድሕሪት ኮይና ትበልዕ ቋረጣ፡
ኣደታት ትግራይ ብጓሂ ኣዒንተን ይሓብጣ።

ጠንቂ ዝወላዓቶ ኲናት ከተጸግዖ ናባና፡
ከይሓነኸት ትብል ሻዕብያ ወሪሩና፡
ረሲዓቶድያ ዝደርበዮቶ ሮኬት ናባና፡
እንተደሰቕናያስ ደይ ጸዊዒታ ዘኽበርና።

ሻዕብያ ይፈልጠዩ ጠባይ ህወሓት ብቐደሙ፡
ዓይኒ ከየንቁሑ ከም **ዕዋል** ደማሙ፡
ተኸናኺኑ ዘዕበዮም ከይጠምዩ ከይሓሙ፡
ዘሕዝን ግን ካብ ንቕሓት ሻዕብያ ሓንቲ ዘይቀሰሙ።

ወያነ ናይ ትማሊ ከይኣክሎ እቲ ዝሓለፈ፡
ጉዕዞ ልምዓትና ክሕንኩል ዝኮላለፈ፡
ኤርትራ ከፍርስ ሚልዮናት ዘፍሰሰ፡
ብእከይ ግብሩ እንድዩ ዝተረመሰ።

ጁንታ መዝገብ ሓንጎላ ዝመልኤ ብጽልኢ፡
ኣርሒቓ ከይትሓስብ ዝሰኸረት ብቅንኢ፡
ህዝቢ ትግራይ ጌራቶ መሳርሒ፡
ተለዓል ከይጸህየኻ ኣይርከብን ህጡር ቀውዒ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር።